## The Crossroads Clinic

ክሊኒክ ጥዕና ስደተኛታት ሖስፒታል ኮሌጅ ደቀንስትዮ

76 Grenville St., 3rd floor
Toronto, ON M5S 1B2
**መደብ ቆጸራ ንምሓዝ መደወሉ ቍጽሪ ተሳፎን፡**
416-323-6031

WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL
Health care for women | REVOLUTIONIZED

76 Grenville Street,
Toronto, ON M5S 1B2
T. 416-323-6400
womenscollegehospital.ca
womenshealthmatters.ca
womensresearch.ca
womenscollegehospitalfoundation.ca

Tigrinya

# The Crossroads Clinic

WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL
Health care for women | REVOLUTIONIZED

# The Crossroads Clinic

ናብ ክሉኒክ ጥዕና ስደተኛታት ሆስፒታል ኮላጅ ደቀ'ንስትዮ እንኳዕ ብደሓን መጻእኹም። ኣብ ቶሮንቶ ሓድሽ ንዝመጽኡ ስደተኛታት ንዝኾኑ ዓሚላት ካብ ዝመጽኡ ክልተ ዓመት ክሳብ ዝኾኖም ሓፈሻዊ ግልጋሎታት ሕክምናን ቐረብ-ጥዕናን ነቕርበሎም ኢና። ናይ ሕክምና ጋንታና ቕድሚ ሕጂ በኣማኢት ምስ ዝቑጸሩ ሓድሽ ዝመጽኡ ስድተኛታት ናይ ምስራሕ ተመኵሮ ዘለዎን ምስ መስርሕ ስድተኝነትን ምስኡ ተተሓሒዞም ምስዝህልዉ ተጓንፎታት ጭንቒን ፈተነታትን ብዝያዳ ዝፈልጥን እዩ።

ንዝስዕቡ ወሲኹ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ግልጋሎት ንህብ ኢና፡-

- ምሕደራ ኸቢድ ሕማማት፤ ንኣብነት ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ወይ ሃይፐርቴንሽንን
- ክታበታት ኣጠቓሲሉ ንህጻናት ዘወሃብ ምሉእ ኣገልግሎት ሕክምና
- ኣገልግሎት ሕክምና ጥንሲ
- ምኽሪ መደብ ዓቐን ስድራቤት
- ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዝርከብ ኩሉሰብ ዝግበሩ ዓመታዊ ምርመራታት ጥዕና
- ንመጻኢ እዋን ተጓንፎ ሕማምን ምክልኻል ዘወሃብ ኣገልግሎት ጥዕና
- ንዝተፈላለዩ ጸገማት ፍታሕ ንምሃብ ዝግበር ሓገዝ፤ ንኣብነት ድቓስ ምሰኣን፣ ናይ ድብርትን ጭንቒን ስምዒት
- ጽዑቕ ጸገማት ጥዕና ብምርመራ ምፍላጥን ምሕደራ ሕክምና ምስላጥን
- ኣገዳሲ ክኸውን ከሎ ምስ ስፔሻሊስት ወይ ምስ ፍሉይ ክኢላታት ሕክምና ሓገዝ ዝረክበሉ መደብ ቆጸራ ምስንዳእ
- ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጸገማት ጥዕና ትምህርቲ ጥዕና ምሃብ

ኣገዳሲ ክኸውን ከሎ ኣስተርጎምቲ ንኽቐርቡ ኩነታት ነመዓራርይ ኢና።

ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ መንበሪ ከባቢኹም ኣብ ቐረባ ምስዝርከብ ናይ ስድራቤት ሓኪም ነራኽበኩም ኢና።

## ኣድራሻን መወከሲን

76 Grenville St., 3rd floor
Toronto, ON M5S 1B2

## ናይ ስራሕ ስዓታት

ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፡ 9 ቅ.ቐ ክሳብ 4 ድ.ቐ
ቆጸሮ ንምትሓዝ ብኽብረትካ ብ 416-323-6031 ደውል




## ኣድራሻና:

ካብቲ ናይ Yonge መተሓላለፊ መስመር:

- በቲ ናይ College Station ጠጠው መበሊ ውጻእ (መዘኻኸሪ: እዚ ንኹሉ ክፉት ዝኾነ ናይ መተሓላለፊ ጠጠው መበሊ ኣይኮነን)፡፡
- በቲ ናይቲ College Street ናብ ምዕራብ ገጽካ ኺድ ከምኡውን ናብ ምዕራብ ወገን መራኸቢ ናይ Bay Streetን ናይቲ College Streetን ገጽካ ኣቋርጽ፡፡
- ናብ የማን ገጽካ ተጠወ ከምኡውን ናብ ሰሜን ገጽካ ዘሎ ኣብ Bay Street ዝርከብ ሓደ ኣንጎሎ ገዛውቲ ናብ ናይ Grenville Street ዝወስድ መገዲ ኺድ፡፡
- ናብ ጸጋም ተጠወ ናብ ምዕራብ ናይ Grenville Street ኺድ፡፡
- 76 Grenville ጎደና ኣብ የማንካ ገጽ ኮይኑ ክረኣየካ እዩ፡፡

ካብቲ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ መተሓላለፊ መስመር:

- ኣብቲ ናይ Queen's Park መተሓላለፊ ጠጠው መበሊ ውጻእ (መዘኻኸሪ: እዚ ንኹሉ ክፉት ዝኾነ ናይ መተሓላለፊ ጠጠው መበሊ እዩ)፡፡
- በቲ ናይ College Street ገጽካ ናብ ናይ መገዲ ዶር. Emily Stowe ገጽካ ኺድ፡፡
- ናብ ጸጋም ተጠወ ሽዑ ናብ ሰሜን ናይ ዶር. Emily Stowe Way መገዲ ናብ Grenville Street ዝወስድ ገጽካ ኺድ፡፡
- ሽዑ 76 Grenville ጎደና ኣብ ቅድሜኻ ክረኣየካ እዩ፡፡